# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.214 ሰሉስ 7 ግንቦት 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ልግሲ ደምን ኣገዳስነቱን!



ገጽ 3
ይብሉኻ ኣለዉ



ገጽ 4
ምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን እንታይ'ዩ፧




ገጽ 5
ውጽኢታዊ ምብህሃል ወለድን መማህራንን ብኸመይ



ገጽ 7
ቢንያም፡ ሳልሳይ ኣትዩ




# ኣባላት መበል 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት 'ተመሃሮ ስነ-ኪነት' ተመሪቖም





ኣብ መላእ ሃገር ካብ ዝርከባ ናይ ሞያ ኣብያተ-ትምህርቲ ድሕሪ ምምራቕ፡ ኣብ መበል 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ን6 ኣዋርሕ ኣብ ሳዋ ግቡእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ክቐስሙ ዝጸንሑ ተመሃሮ፡ ብ4 ግንቦት ተመሪቖም።

ኣብ'ቲ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ተመረቕቲ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ንዘቕሰምዎ ስልትን ጥበብን ዘንጸባርቕ ምርኢት ኣቕሪቦም።

ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ኣብ መንእሰያት ዝገብርዎ ዘለዉ ገዚፍ ወፍሪ፡ ቀጻልነት ሃገርን ወለዶን ዘረጋግጽ፣ ብኹሉንትናኡ ሳዋ ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ብወገኑ፡ ስልጠኑቲ - ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ፡ ስነ-ምግባር፡ ኣካላዊ ህንጸትን ስፖርትን ዘጠቓለለ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም ንመመረቕታ ከምዝበቕዑ ብምሕባር፡ ደቂ-ኣንስትዮ ንዘርኣያኦ ኒሕን ተወፋይነትን ሞጒሶም።

ተመረቕቲ፡ ብረዚን ዋጋ ሰማእታት ዝተረኽበት ሃገር ንምልማዕን ንምዕቃብን፡ ብኹሉ ዓቕሞም ከምዝሰርሑ - ብቓለ-ማሕላ ኣረጋጊጾም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ - ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይ፡ ኣብ ሳዋ ክትግበር ተወጢኑ ኣብ ዘሎ ልምዓታዊ መደባትን ናይ ስራሕ



ስእሊ ፡ ሙሴ ኪዳነ

ኣዘኻኺሩ።

ዝተማልአ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምውዳድን ዝጸንሐ ንምምዕባልን ብዝወጽአ መደብ መሰረት፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ - ዘመናዊ መንበሪ መማህራን ክስራሕ፡ ዝርጋሐ መስመር ጽሩይ ማይ ክመሓየሽ፡ መስመራት ረሳሕ ፈሳሲ ክህነጽ መደብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይ፡ ኣብ መበል 37 ዙርያ ንዘወርዱ ተመሃሮ፡ ንብዘሎም ዝምጥን ቅድመ-ምድላዋት ብኣጋ ክጻፈፍ፣ ሓላፍነት ወለዲ ተቐቢሎም ዝሰርሑ ኣባላትን ኣሊይትን ድማ፡ ኣብ ምምእዛን ተመሃሮ ከይተሓለሉ ክጽዕሩ ኣተሓሳሰቡ።





ብቑዕ መንእሰይ ንምኹስኳስ ዝዓለመ ምዃኑ ብምሕባር፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ብዘውንኖ ፍልጠትን ሞያን ኣብ ግዜኡ ሰራሑን ጽዒሩን ንድሕሪኡ ዘሎ ወለዶ ከረክብ፡ ምርጫ ዘይኮነ ዜግነታዊ ግዴታ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት -

ምቅሊትን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ብ30 ሚያዝያ ምስ ኣዘዝቲ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኻየደ ርክቡ፡ ኣብ ሳዋ ዝተፈላለዩ ልምዓታዊ መደባት ክትግበሩ ምዃኖም ብምሕባር፡ ትጉሃትን ንቑሓትን ተሳተፍቲ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ክህሉ

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ልግሲ ደምን ኣገዳስነቱን!

ደም ህይወት እዩ፡፡ ብዘይ ደም - ቀጻልነት ህይወት የለን፡፡ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ህላወ ብቕዓቱ ዝተሓለወ ወሃሊስ ደም ወሳኒ እዩ፡፡ ብዘይ ደም - ዝተፈላለዩ ቀለልቲ ይኹኑ ከበድቲ ሕክምናዊ ስርሓት ብምክያድ ህይወት ዜጋታት ንምድሓን ዝከኣል ኣይኮነን፡፡

ኣብዚ ዘመናዊ ፍልጠትን ምርምርን ደቂሰባት እናበረኸ ዝኸደሉ ዘሎ ዘመን ቴክኖሎጂ፡ ደም ክስራሕ ኩቶ ኣይተኻእለን ዘሎ፡፡ በዚ ድማ፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ዜጋጥሙ ሕማማትን መጉዳእትን ንሱ ዘስዕቦ ምፍሳስ ደምን ንምትካኡ ካብ ደቂ-ሰባት ደም ምእካብ እቲ እንኮ ኣማራጺ ድሕነት ተወሲዱ ይርከብ፡፡ እዚ ክዕወት ዝኽእል፡ ብሕልናን ሰናይ ድሌትን ደም ዝልግሱ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ምስ ዝህልዉ ጥራይ እዩ፡፡

ደም ደቂሰብ ብዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ጾታን ዕድመን ዘይፍለ፣ ካብ ዝኾነ ወለንታዊ ለጋሲ ደም ንዝኾነ ደም ዝደሊ ዜጋ ዝሰማማዕ ደም ብናጻ ይወሃብ፡፡ ኣብ ሃገርና ደም ኣይሽየጥን እዩ፡፡ ደም ማለት ህይወት ስለዝኾነ ዋጋ ህይወት ድማ ብገንዘብ ክትትምኖ ዝከኣል ኣይኮነን፡፡

ስፔሻሊስት ህዝባዊ ጥዕና ዶ/ር ምስግና ጉብረሂወት - ኣብ ሓደ ዋዕላ (7 ታሕሳስ 2023) ንኣገዳስነት ልግሲ ደም ብዘምልከት ሰፊሕን ንጹርን መጽናዕታዊጽሑፍ ኣቕሪቡ ነይሩ፡፡ ንሕና እውን ኣገዳስነት ናይ'ቲ ኣርእስትን ትሕዝቶኡን ኣብ ግምት ብምእታው - ጸማቕ ትሕዝቶኡ ደጊምና ነቕርቦ ኣሎና፦

### ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ፦

=> ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ፡ ኣገልግሎት ምትዕጋር ደም (ትራንስፉዥን) ኣብ 1976 እዩ ጀሚሩ፡፡

=> ኣብ ሆስፒታል ደም ምዕቃብ ዝተጀመረ ግን፡ ኣብ 1984 ኣብ ኦሮታ (ዓራርብ) ማእከላይ ሆስፒታል እዩ፡፡

=> ኣብ ፊለማ ደም ዝዕቅባ ዝነበራ መዝሓልቲ ፍሪጃት፡ ብጸሓይ ጸዓት ዝሰርሓ እየን ነይረን፡፡

=> ደሓር ግን፡ እቲ ሆስፒታል ን324 ሰዓታት ዝሰርሕ ናይ ጸሓይ ጸዓት (ሶላር) ምስ ኣእተወ፡ እተን ናይ ሶማ ፍሪጃት ብናይ ጸሓይ ጸዓት ብዝሰርሓ መዝሓልቲ (ዓቀብቲ) ተተኪአን፡፡



=> ካብ 1988 ጀሚሩ ድማ፡ ብሓወሲ ተንቀሳቓሲ ባንክ ደም፡ ደም ናብ ግንባራት ክለኣኽን ክዕቀብን ጀሚሩ፡፡

ኣብ ስርዓት ደርጊ፦

=> ከም ኣካል "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ኢሉ ዝጸውዖ ወተሃደራዊ ወራር፡ ኣብ 1981 ብዘይዳ ንኣገልግሎት ውጉኣት ወተሃደራቱ ዘገልግል ናይ ፊለማ ባንክ ደም፡ ኣብ መካ ሂወት (ናይ ሕጂ ሆስፒታል ኦሮታ) ሆስፒታል ከፊቱ፡፡

=> ቅድሚኡ ዝነበረ ኣገልግሎት ወሰኽ ደም፡ ምስ ዓይነት ደም ናይ'ቲ ሕሙም ዝሰማማዕ ደም ዘለዎ ለጋሲ ቤተሰብ ብምርካብ፡ ብኡ ንቡኡ - ማለት ብቐጥታ ዝሰጋገር እዩ ነይሩ፡፡

ድሕሪ ሓርነት፦

=> ኣብ 1991 ኣገልግሎት ባንክ ደም ኣብ ሆስፒታላት ብዘቑመ ባንክታት ደም እዩ ዝወሃብ ነይሩ፡

=> እቲ ዝዓበየ ባንክ ደም ኣብ መካ ሂወት ሆስፒታል እዩ ዝነበረ፡

=> ካልኦት ሸሞንተ ንኣሽቱ ባንክታት ደም ድማ፡ ኣብ ናይ ሸሞንተ ናይ ዞባ ሆስፒታላት (ናይ ሽዑ ኣውራጃታት) ነይረን፡፡

=> ስለዚ ብድሕሪ ሓርነት፡ መንግስቲ ኤርትራ ከም ኣካል ምርግጋጽ ብቑዓት ኣገልግሎት ጥዕና፡ ብዕቱብ ካብ ዝሰርሓሎም ኣገልግሎታት ጥዕና ሓደ - ምርግጋጽ ንሕሙማት ዝወሃብ ወሃሊስ ደም እዩ፡፡

### ትሕዝቶ ደም

ደም፡ ፕላዝማ ብዝበሃል ካብ ማይ ቀረብ ብዝሓፍስ ፈሳስን ብዋህዮታትን ዝቖመ እዩ፡፡ ፕላዝማ ኣስታት 55 ሚእታዊት ናይ ደም ዘቕውም ኮይኑ፡ ብሩህ ማያዊ ክፋል ናይ ደም እዩ፡፡ ዝበዝሐ ክፋል (92 ሚእታዊት) ትሕዝቶ ፕላዝማ - ማይ እዩ፡፡

ዋህዮታት ደም ኣስታት 45 ሚእታዊት ናይ ደም ወህደት የቑሙ - እዚኦም ኣብ ፕላዝማ ዝንሳፈፉ ቀያሕቲ ዋህዮታት፡ ጻዕዳ ዋህዮታት፡ ከምኡ'ውን ፕላትለት ይበሃሉ፡፡

### ጉጅለታት ደም

ኣብ ሽፋን ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝርከቡ ሰለስተ ዓይነት ኣገደስቲ ኣንቲጀን ኣለዉ፡፡ ንሳቶም ድማ "ኤ"፡ "ቢ"፡ "ኣርኤች (ዲ)" ኣንቲጀን ይበሃሉ፡፡

ሰብነትና ንናቱ ኣንቲጀን ከም ንብረ ክፈልጦም እንከሎ፡ ዝደናቱ ኣንቲጀን ግን ካብ ደገ ከም ዝመጽኡ ተጻባኢ ቆጺሩ፡ ኣንጻሩ ጸረ-ጋና ኣካል (ኣንቲቦዲ) ዝበሃሉ መካላኸሊ ሰራሑ ይቃለሶም ይጸንቶም፡፡

ብመሰረት እዚም ኣብ ሽፋን ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝርከቡ፡ ብዘርኢ ናይ ኣቦን ኣደን ዝወሰሉ ኣንቲጀናት፡ ደም ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት ይኽፈል፡፡ ንሳቶም ድማ "ኤ"፡ "ቢ"፡ "ኤቢ"፡ "ኦ" ተባሂሎም ይጽውዑ፡፡

+ ዓይነት ደም "ኤ" ዘለዎ፡ ኣንቲጀን "ኤ" ኣለዎ፡፡

+ ዓይነት ደም "ቢ" ዘለዎ፡ ኣንቲጀን "ቢ" ኣለዎ፡፡

+ ዓይነት ደም "ኤቢ" ዘለዎ፡ ክልቲኦም ኣንቲጀን "ኤ"ን ኣንቲጀን "ቢ"ን ኣለውዎ፡፡

+ ዓይነት ደም "ኦ" ዘለዎ፡ ክልቲኦም ኣንቲጀን "ኤ"ን ኣንቲጀን "ቢ"ን የብሉን፡፡

### ኣድላይነት ልግሲ ደም

ኣብ ክፍሊ ወሊድ ደቂቕ፡ ኣብ ዓለም ዝተወሰነ ሰብ ደም ወይ ወጽኢት ደም የድልዮ፡፡

ካብ ዝተለገሰ ደም እቶም ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ክሳዕ 42 መዓልታት ጥራይ እዮም ክዕቀቡ ዝኽእሉ፡፡ እዚ ማለት፡ ደም ዘድልዮ ሰብ፡ ኣብ'ቲ ዘድልዮ እዋን ክረክብ፡ ኣብ ባንክ ደም ዝርከብ ደም፡ ብቐጻሊ ካብ ለገስቲ ብዝርከብ ሓድሽ ደም ክትካእ ኣለዎ፡፡

ሕማም መሸኛ ንምፍዋስ፡ ግዳያት ሓደጋታት ንምሕካም፡ ኣብ ቅድመ-ሕርሲ፡ እዋን ሕርስን፡ ድሕረ-ሕርስን ዝጋጥም መድመይቲ ንምትካእ፡ ዕወት መብጥሕቲ ንምክያድ ናይ ግድን ደም የድሊ፡፡

### ረብሓታት ልግሲ ደም፡

ንተለጋሲ ብዓብኡ ህይወቱ ከም ዘድሕን ምግባር እዩ፡፡ ኣብዛ መሬት ካብ ህይወት ዝዓቢ ነገር ድማ የለን፡፡

ረብሓታት ልግሲ ደም ንለጋሲ፡ ምስ ረብሓታት ምዕባብን ምሕጋዝን ጽቡቕ ምግባርን ዝተኣሳሰር ስምዒታዊ ኩነት ኣእምሮ ዝተኣሳሰር እዩ፡፡ ደም ምልጋስ ኪኖ ጥዕናዊ ረብሓኡ፡ ኣብ ሱኡ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ዕጋበትን ዝህልዎ ግደ/ጥቕሚ ብዙሕ እዩ፡፡

=> ሓገስ ይወስኽ፡

=> ጽቡቕ ይሰምዓካ፡

=> ናይ ሂወት ዕግበት ይወስኽ፡

=> ንናይ ምንባር ትርጉም የዛይድ፡

=> ናይ ብቕዓት (ርእሱንያት) ስምዒት ይወስኽ፡

=> ጸቕጢ ይጎኪ ወዘተ፡፡

ደም ምሃብ ብሓፈሻ ደም ምልጋስ ድማ ብፍላይ፡ ዕምሪኡ ህይወት ንምድሓን ክሳብ ዝኾነ ንናይ ምንባር ትርጉም የዛይድ፡፡

### ጥዕናዊ ረብሓታት ልግሲ ደም

* ብውሕዱ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ደም ዝልግሱ ሰባት፡ ሕማማት ልብን ስርዓተ-ዛረት ደምን ናይ ምሕማም ስግኣቶም ዝተሓተ ይገብሮ፡፡

* ኣብ እዋን ምልጋስ ደም ብዘዋገር ሰሩዕ መርመራ ሕክምና፡ ክፍወስ ዝኽእል ሕማም ኣብ እዋኑ ክረኽብ ይኽእል፡፡

* ምልጋስ ደም፡ ዋህዮታት ደም ንዝሰርሑ ኣካላት (ዋህዮታት ስተም)፡ ከነቓቕሖምን ደም ናይ ምስራሕ ተግባሮም ወይ ኣድማዕነቶም ከመሓይሽን ይኽእል፡፡

ሰባት ምሕጋዝ፡ ብዓብኡ ድማ ደም ምልጋስ ኣብ መንጎ ሰባት ፍቕሪ ዘዘርግሕ ማሕበራዊ ወሃደት እዩ፡፡ ካብ ደም ዝበልጽ ህያብ የለን፡፡ ሂወት ከም ዘድሓንካ ካብ ምፍላጥ ዝበልጽ ጽቡቕ ስምዒት የለን፡፡ ሓንሳብ ዝለገስኩሞ ደምን ወጽኢቱን ክሳዕ ናይ ሰለስተ ሰባት ህይወት ከድሕን ይኽእል እዩ፡፡

### መን ካብ መን ደም ይቕበል?

ዓይነት ደም ዝተፈላለየ ደኣ ይኹን እምበር፡ ኩሉ ሓደ ዓይነት ጥቕሚ እዩ ዘለዎ፡፡ ፍልልይ ዓይነት ደም፡ ኣየናይ ደም ምስ ኣየናይ ዓይነት ይሰማማዕ ንምፍላጥ እዩ ዝሕግዝ፡፡

ኣብ ምትዕጋር ደም፡ ዓይነት ደም ናይ'ቲ ተቐባሊ ምስ ዓይነት ደም ናይ'ቲ ለጋሲ ዝሰማማዕ ክኸውን ግድን እዩ፡፡ ኣብ'ቲ ዝሰጋገረልካ ዘሎ ዓይነት ደም ዘሎ ጸረ-ጃን ሰብነትካ ዘየለልዮ ወይ ኣቐዲሙ ዘይፈልጦ ምስ ዝኸውን፡ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ኣብቲ ዝተለገሰ ደም ንዘለዉ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ከጥቅዖም እዩ ዝጅምር፡፡ እቲ ኩነታት ድማ ንህይወትካ ዝፈታትን ኣዝዩ ሓደገኛ ይኸውን፡፡

ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ ህላወ ባንክ ደምን ንዓኡ ዝምግቡ ወለንታውያን ለገስትን፡ ኣብ መስርሕ ምትዕጋር ደም ክፍጠር ዝኽእል ጸገማት ውሑድ እዩ፡፡

ዓይነት ደም ናይ'ቲ ተቐባልን ለጋስን ምፍላጥ፡ ነቲ ምትዕጋር ደም ወሃሊስ ከም ዝኸውን ይገብሮ፡፡ መን ካብ መን ደም ይቕበል?

+ ኣወንታ 'ኤ' (A+)፦ ካብ ኣወንታ 'ኤ' (A+)፡ ካብ ኣሉታ 'ኤ' (A-)፡ ካብ ኣወንታ 'ኦ' (O+) ወይ'ውን ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ይቕበል፡፡

+ ኣሉታ 'ኤ' (A-)፦ ካብ ኣሉታ 'ኤ' (A-)፡ ወይ'ውን ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ጥራይ ይቕበል፡፡

+ ኣወንታ 'ቢ' (B+)፦ ካብ ኣወንታ 'ቢ' (B+)፡ ካብ ኣሉታ 'ቢ' (B-)፡ ካብ ኣወንታ 'ኦ' (O+) ወይ'ውን ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ይቕበል፡፡

+ ኣሉታ 'ቢ' (B-)፦ ካብ ኣሉታ 'ቢ' (B-)፡ ወይ'ውን ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ጥራይ ይቕበል፡፡

+ ኣወንታ 'ኤቢ' (AB+)፦ ዝኾነ ዓይነት ደም ክቕበል ይኽእል፡፡

+ ኣሉታ 'ኤቢ' (AB-)፦ ካብ ኣሉታ 'ኤቢ' (AB-)፡ ካብ ኣሉታ 'ኤ' (A-)፡ ካብ ኣሉታ 'ቢ' (B-) ወይ ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ይቕበል፡፡

+ ኣወንታ 'ኦ' (O+)፦ ካብ ኣወንታ 'ኦ' (O+) ወይ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ጥራይ ይቕበል፡፡

+ ኣሉታ 'ኦ' (O-)፦ ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ጥራይ ይቕበል፡፡



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284




# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ይብሉኻ ኣለዉ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ



"ከመይ ኣለኺ ጽብቕተይ?"

"ከመይ ወዓልካ?"

"ደሓንየ ከመይ ወዓልካ?"

"ጽቡቕ ኣለኹ ጽብቕተይ"

"በጃኻባ ዘረባ ቀይረለይ፥ ብጭቓጨርጮ እንተ ዘይሓዝኩዎ፡ ብየዝሄ እንተ ጸበጺብየ 5 ዓመት ኮይኑ፡፡ ንዓኻሽ ኣይሰልኸየካን ድዩ?"

"እንታይ እዩ'ቲ ዝስልከየኒ"

"'ጽብቕተይ' ጥራይ ክትብል ሓመሽተ ሓሊፉካ ኣሎ። ብሕጂውን ትቕይር ኣይትመስልን ኢኻ ."

"ካብ 'ጽብቕተይ' ዝጸብቕ እንታይ ኣሎ ደዩ?"

"ኣፍፍፍ. . . ባህ ዘብለካ መግቢኣ ኩሉ ግዜ ክትብልዖ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ብቐጻምነት እትሰርዖ ጸዋታ'ውን ኩሉ ግዜ ክትጻወቶ ዓቕሊ የብልካን"

"እሞ እንታይ ዘይብልኩኺ ደሊኺ?"

"ሱጥበበኛ እናተብሃልካስ ብሓንቲ ቃል ማዳ ከተወጽኣለይ፡፡ ሰም ዝቐየርካለይ ኩይኑ ደስመሚ'ለ፡፡ ወግሒጸብሓ 'ጽብቕቲ - ጽብቕተይ - ክትጽብቒ'"

"ሽኮርና ወይ መዓርና ዘይብለኪ'ሞ?"

"ጊደደ! ቅጫኒ ጎኒን እምበር ገይርካየ፡፡ ወይ ከምዚ 'መለሳ ቐሎ ጥጥቐ' ዘበሃል ምሽ ኣሎኑ፡ ግለ ባህ ዘብል እንዶ ግዳ ኣምጽእ፡፡ ሓደሽ ከኣ ናይ ጣ"

"ወይለይ፥ ካብዚ ዝበልጽ ደኣ ካበይ ከምጽኣልኪ ደሊኺ፡፡ትፈልጥዮ እንተሃልዩኺ ንገረኒ'ሞ በቲ እትደልይዮ ክጸዋኣኪ"

"ኣታ ቐሩብ ልወጥ ክበሎልካ ዋላ 'ምቁር ሱሓይ' ወይ 'ዳሚራይ' ግለ ዘይትብል"

"ሃሃሃሃሃሃሃ. . . ዳሚራ'ዚ ሃልሃልታ ሓዊ? ጸንሕ ኣልካስ ግለ ክትዛረቢ ኢኺ"

"እቲ ሱጥበበኛ ምጽዋዕካ ደኣ ሳጓካ ደዩ? ኣብ ዳሚራ እቲ ሃልሃልታ ጥራይ ደዩ ዝረኣየካ? ካልእ ትርጉሞ ነገር የለን!"

"ብዘዩካ ሃልሃልታስ ደኣ እንታይ ኣሎ፡፡ እንተ ደሊኺዩ 'ሽኣ'ባ ሓሙኽሽቲ ኣሎ"

"ቶባእ ድሕሪ ደገምኻ፡፡ እቶም ዓኮም 'ናበይ ገጸ ኸኮን ትወድቐ' እናበሉ ብሃረርታን ሃንቀውታን ዝጸበይዎ ኣህዛበ ኣይረኣዩኻን ኣለዉ? ኣብ ቦታ ናይ'ቲ ዳሚራ ሃልሃልታ ፍቕሪ እትምጭዖብ ጓሉ ሄዋን ኣይሰኣልካን? 'ናብ ምብራቓይ ውደቒ' ኢልካ ኣይተማህለልካን ዲኻ? ከም'ቲ ዳሚራ ክትጎድድ ኩሉ ኣዒንቲ ደለይቲ ዝጸሰለ ኀርሆ ምህላዋ ኣብ ዓይኑ ሕልናኻ ቐሪጹካ ትፈልጥዶ? ከም'ቲ ናይ ዳሚራ፥ ምስ ሰቦት እናተቐዳደምካ ቅብኣ ፍቕራ ንኽትልክ ኣይተቐዳደምካን ዲኻ? ንዓኻየ ሱጥበበኛ?"

"ኣቲ እንታይ ኢኺ ትብሊ ዘለኺ? ምስ ጥዕናኺ የለኽን ሉምስ!"

"ምስ ጥዕናኻ ምህላወካ እንድዩ ደኣ ዘገህደረ ዘሎ፡፡ ርእሰኻ ብመዝነበ ጥረ ቓላት መሊኡ ከይከውን፥ ብእዚ ዘይከኑ ብመንፈስ ዝሕው ዝበስ ዘረባ ስኢንካ?

"ቀጸሊ በሊ ሓደ ኣፊተ፡፡ ናብ ጥዕናኺ ክሳብ ትምለሲ ሰቕ ኢለ ክሰምዓኪ"

"እታ 'ሱጥበበኛ' ዝብል ስም ዘወጽኣትልካ ደርፊ'ሞ እንታይ'ያ? ናይ መጀመርታእ ንገረኒ"

"ትፈልጥያን ትፈትውያን እንዲኺ?"

"ምፍላጦኻ ሰማይያ ስለ ዘለኹ ክጽሕፉ እኽእል'ዩ፡፡ ብዙሳ ምፍታው ግን ኣብ ክንዳይ ኳንካ ፈቲኻያ ከይትኸውን፡፡ ደሓን እቲ ናይ መጀመርታእ ባዕለይ ክዛረቦ፡፡

ተፈላሊና ግዜ ኸፊኡ

ብሰኽኪ ፍቕሪ ልበይ ሓሚሙ

ኣይከኣልኩምን ናብራ ንበይነይ

እንታይ ክዘበር ናብ'ዛ ሕማመይ፡፡

"እቲ 'ከፊኡ' ዝበልካዮ 'ሓሚሙ' እዩ ዝበል፡፡ እቲ 'ፍቕሪ' ኢልኪዮ ዘለኺ ድማ 'ፍቕረይ' እዩ፡፡ ትም ኢልኪ ደርፊ እናዳማሽኪ ኣይተበላሽዊ!"

"ክክክክክኪ . . . መዛዘቡቓላት፡፡ 'ከፊኡ' በሎ 'ሓሲሙ' እንታይ መለሳ ኣሎዎ፡፡ ደሓን ግን "ሙ" ምስ "ሙ" ምእንቲ ክኸውልካ ኣሪመልካ ኣለኹ፡፡ ንሱ እዩ ድማ ዘዘርጊ ዘሎ፡፡ ቃላትኮ ኣብ መዛዝቡ ቃላት ክርከቡ ዝኽእሉ እየም፡፡ ኣብ ልክዕ ቦታኦም ብምእታው ምስሊ ክትፈጥረሎም እንተዘይክኢልካ ግን ቃላት ጥራይ እየም፡፡

"ወይ ወርጸጸጽ. . ንሽኽስ በሊ ብዙሳ ሱ ጥበብ እንታይ ኣፍሊጡኪ ኢኺ ክንድ'ዚ ውዕይዕይ ትብሊ ዘለኺ? ካብ መዓስ ኢኺኺ ከምዚ ክትብሊ ጀሚርኪ"

"ሓደ ነገር እንዶ ክዛረብ፥ ናይ'ዚ ዶርዚ ፖርጉር ዝተባህለ ሰብ ጥቕሲ ምስ ኣንቢበኩ'ሰ፥ ንሽኻ ኢኻ ተራኢኻኒ፡፡ 'ጸሓፍቲ ንኽኾኑ ሃረር ዝበሉ ኣዕሩኽ እንተ ሃልዮሙኻ፥ ብኣልኣይ ደረጃ ክትገብረሎም ዘሎካ ሓገዝ፥ ቅዲሕ ናይ ባኢታታት ቅዲ ኣጸሓሕፉ ምሃብ እዩ፡፡ እቲ ብቐዳምነት እትገብረሎም ሓገዝ ድማ፥ ተሓጋጊሶም ክሰዉ ምድርባዮም እዩ ዝበል፥ እንታይ'ሞ ዘይትደርብ እንዶ ኳንካ እምበር. . ."

"እቲ ቐልዓ እንታይ እዩ ሃለፍለፍ ዘበልካ ዘሎ? ሉሚ ለይቲ ፈላስፋ ኽትከውኒ ደዩ ኣብ ሕልሚ ተራእዩኪ?"

"ካብኻ ከም ዝሓይሸ ክፈልጥ ጀሚረ መሰለኒ፡፡ ዘረባኻን ደርፍኻን ኩሉ ሓደ ይኸውኒ ኣሎ፡፡ ኣብ'ዛ ዓለም ብዘይለወጢ ኣይዝርርን'ዩ በጃኻ፡፡ ክዳን ጥራይ ምቕያር እንታይ ክዕብሰ'ዩ"

"'እዛ ዳዋ ተምጽእ ኣሎዋ፡፡ ትደፍርንዶ ኣለኺ ሓቀይ? ግደፊ'ባ ነዛ ፍቕርና ሓልውያ፡፡ ተዘይከይኑ ቐይሕ ካርድ ዝበሃል ነገር ኣሎኮ!"

"ኣሃሃሃ. . . ድሕሪ ቐይሕ ካርድ ግን፥ ሓንቲ ደርፊ ክትደርፈለይ ኢኻ መሸ?"

"እንታይ ኩይኑ ኢለየ ዝደረፍኩልኪ፥ ከመይ ዲኺ ትሓስቢ ንዓይ? ኣነኮ. . ."

"ምድሪፍስ ክትደርፍ ምኳንካ ርግጸኛ ኸውን ኣለኹ፡፡ ግን ኣነየ ግጥሚ ዝሀቦ፥ በቲ ናትካ ቓላት ገይርካ ከይተገርዞማ"

"እኣ . እዛ ነገር ትሽልሕዶ ኣላ ሓቀይ?"

"ደሓን ስምዒ"

"እንታይ ክሰምዒ'ቲ"

"ኢጋጥሚ ዝገጠምኩዋ ግጥሚ ኣሎ፡፡ ምስኻ ዝበልካያ 'ቀያሕ ካርድ' ትዛ ኢላትኒ፡፡

"ዘይሰማዖ የብለይን፡፡ ሱጥበብ መጻወቲ ገይርክዮ፡፡ በሊ ሕራይ ፈትኒ"

ሽዑ እንታይ ኢልካ ዲኻ ክትደርፍ መሲሉካ-

"ዕምባባ ሰፍ ኩይኑ ንሽኺ ጽላዩይ

ሰምታ 'ናበቓቓ ዝጥምታኺ ኣዒንተይ

ምእዙዝ ዜማ ሰሓቑ ኣዒንትኺ ግጥሚ

ወቒጥክዮ ልበይ ብጠብጣብ ፍቕሪ

እጓሙ ከፊቱ ንዓኺ ኣርእዩ

ቅብጸት ምስ ሃበ ጣዕሳ ክሽደሎ፡፡

ፍቕርኺ ሰዊዱ

ንሽኺ ኣብ ዘይብሉ

ንበዓተይ ኣጁፉስ

ደመይ ተስቂሑ

ዕቡዳን ደየ ኽብሎ

ዋላስ ድልያ ፍቕሪ

ዘብዝብ ኩይኑ ናብራይ

ከይሓዝኩ ኣሰርኪ፡፡

"ከመይ ረኺብኪዮ?"

"ካበይ ኢኺ ኣራሪኽያ?"

"ካልእ ደጽንሓልናሞ፥ ከመይ ትርእዮ?"

"ግደፍና እንዶ ሃለውለው ኣይትበሉ፡፡ ንሽኽስ ግጥሚ ጽሒፍኪ ክክክክክክኪ"

ሰምዒት ኣብ ወሽጠይ መሊኡ ናብ ጉዳም ምስ ወጸ፥ ኣብ'ቲ ሂወት፥ ኣብ'ቲ ቓንዛ፥ ኣብ'ቲ ሓጎስ፥ ኣብ'ቲ ፈንጠዚያ ምስ ደርበየ፥ ኣብ ህዋ ምስ ኣንሳፈፍኩ፥ ሽዑ ሕንጥጥ ኣቢለያ"

"ከምኡ ክበሉ ዲኺ ሰሚዕኪ? ካብ ጸቢጸብ ኮሚደረን ሽጉርትን ሓሊፍኪ እምበር ናብ ግጥሚ ቀንጠብጠብ ክትብሊ ጀሚርኪ!"

"ሉሚ'ኳ፥ እዚ ሱጥበብ ዝበሉዎ ክርደኣኒ ግዲ ጀሚሩስ፥ ንዘኽሩ ሂህ ኢለ ክቕበል የሸገረኒ ኣሎ፡፡ ኣይ ከምኡ ኸውን እንድየ እዛ "ጽብቕተይ" ትብል ቓል ጸልእ ኣቢለያ ዘለኹ፡፡ ለውጢ ስኢነ"

"እሞ ክፍእተይ ዘይብለኪ?"

"ለውጢ ደኣ ከምኡ ምሓሸ፡፡ ግን ከኣ ንኹሉ መተካእታ ስለ ዘለዎስ "ልዋም ወጋሕታይ" ክትብል'ውን ትኽእል ኢኻ፡፡ ምሽ ኣላ እታ ዝኾኑ ይኹን ሰብ ከተንስኣካ ዘይትደልያ ጥዕምቲ ድቃስ . ."

"ኣሃሃሃ. . . ኣቲ ነዛ ኑብሸኺ ከመይ ኢኺ ትሓስቢያ?"

"ብዙሳ ኑብስይ ኣይከሎንናን ንዛረብ ዘለና'ኮ፡፡ ሓደሽ ነገር ክሰምዕ ግን እደሊ ኣለኹ፡፡ ግጥሚ'ኮ ጸላሎት ንኽሰዕስዕ ዝዕድም መቓልሕ ምኻኑ'የም እዛም ፈላጦት ጽሓፍም ዘለዉ፡፡ 'ግጥሚ - ሰምዒት ሓሳብት ክረኽብ ከሎ፥ ሓሳብት ከኣ ቓላት ክረክብ ከሎን እዩ' ይብሉኻ ኣለዉ፡፡

"ንሽኺ ሰምዕዮም ዝሓፍተይ፡፡ ኣነስ ግጥሚ ናይ ምጽሓፍ ሸግር የብለይን"

"ተመሃራይ'ኮ ኣብ ሰሌዳ ዝተጻሕፈሉ ንኽየጽሙጥል ኣይሸገርን'ዩ፡፡ ካብ ወሽጡ ንኽመንጨ ግን ብልሓትን ክእለትን የድልዮ"

"እንታይ ንምባል'ዩ?"

"ቓላት ከም ሕብርታት ተጠቒምካ ንሰምዒታት ግለጸሎም፡፡ 'ወጅሂ ብስምዒታት ክኽደን ወሽጢ ብኽስተታት ክሶበጥ፥ ትምኒት ልዕሊ ዓንቀር ክየርግ፥ ተሰፋ ካብ ምድሪ ገጽ ክርሕቕ፥ ባህጊ ክንፌ ኣወጺኡ ክበርር፥ ተገኽል ከም ፍሕሶ ክጠላለፍ. . . ከሎስ ብቓላት እናቖባእካ ኣርኢ' እዮም ዝብሉኻ ዘለዉ፡፡

"ህሀ. . . ጹሓይ ክሳብ ትዓርብ ቀጽሊ በሊ"

"ዘረባባ ኣምጺእኑ፡፡ ኣብ ግጥሚ ደኣ'ሞ ንዘየረብሕ ጹሓይ ከተብርቓ ደኽኣል እዩ'ኩ፡፡ ምስ ተሰፋ እንዶ ኣተኣሳስር፡፡ ንወሽጥኻ ብብርሃን ቀጸጽ እንተብልካዮ፥ ንተሰፋኻ ከተብርቖ ትኽእል ኢኻ፡፡ ናይ ብሓቂ ግጥሚ፥ ኣቓዲሙ ክርደኣካ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን፡፡ ኣብ ወሽጥኻ ግለ ሕቶ ክፈጥር፥ ቅድሚ ክርደኣካ ምጅማሩ ኣንቢቡ ወይ ሰሚዒ ዘበል ተምሳጥ ክሕድረልካ ኣሎዎ፡፡ ዋላ ብደብዘዘ መረዳእታ ክኽንፈካ፥ እቶም ቃላት፥ እቲ ሰምዒት. . . ሰቕ ኢሉ ኣብ ወሽጥኻ እናኣተወ ባህ ከብለካ ኣሎዎ፡፡ 'ፈጣሪ - ነቲ ጻዕዳ ቐጽሊ ወረቐት፥ ፈጣሪ ምኳን ክሳብ ክንደይ ከቢድ ከም ዝኾነ ንኽዮሮና ዝጥቀመሉ መንገዲ እዩ' ይብሉኻ ኣለዉ፡፡

"ህ!"

"ንጥሚይ እቲ ኩሉ ግዜ ሓቂ ዝዛረብ ሓሳዊዩ' ክብሃልካ ኣይሰሚዕካን? ማለቶም'ሲ ነቲ ሓቅስ ብዙኦምን ሓሶት ገይርካ ኢኻ ትገልጾ፡፡ ወዲ ንጓል 'ንሽኺ'ኮ ከልዮፓትራ ኢኺ' ክብላ ሰሚዕካ ከም እትፈልጥ ርግጸኛ'የ፡፡ እዚ ወጹእ ሓሶት'ዩ፡፡ ኣነ ከመይ ገይረ ከልዮፓትራ ክኸውን እኽእል?"

"ኣቲ መን ከምኡ ምስ በልኪ ኢኺ ሃለውለው ትብሊ? 'ትደልያኦ'ሞ ይዘምየምጸኒ' ድየም ዝበሉ?

"ሕጂ ብዙሳይ ወይ ብዙሳኻ ኣይከኑንኩን ዝዛረብ ዘለኹ፡፡ ብዛዕባ ሱ ጥበብ እየ ዝዛረብ ዘለኹ፡፡ ንኣብነት ኣብ'ዛ ናትካ ደርፊ፥ ጥረ ቓላት እምበር ከእምን ዝኽእል ሓሶት የለን፡፡ ዝኾነ ኩይኑ፥ ንጥሚይ ወትሩ ሓቂ ዝዛረበን ሓሳዊን ከም ዝኾነ ተዛኒሩና ኣሎ፡፡ ዘይትሕሱ እንተ ኳንካ ምስሊ ክትፈጥር ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ስለ ዘይትሕሱ ኢኻ'ኮ በዛ "ጽብቕተይ" እትብል ቓል ኣሕሚምካኒ ዘለኻ፡፡ ዋእ ቀሩብ . ነዘን ኣዒንተይ'ኳ 'ወርሒ ኣብ ምልኣታ' ክትብለን ኣይትኽእልን! ነዚ ሰዊዘ ካናል ዝመስል ሽምጠይከ እንታይ ምበልካዮ? ኣብ ሱጥበብ ዘሎ ሓቂ ነቲ ካልእ ዓለም ሓሶት ይመስል ይኸውን፡፡ ግጥሚ ኣብ ሰምዒት ደኣ'ምበር ኣብ ቓላት ከም ዘይተኮረ፥ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ግጥሚ ዝሰማምዕዎ ቃላት ከም ዝናፍቑ፥ ግጥሚ ዝደህሰሰን ኣብ ወሽጥኻ ዝሰተማቐረን እምበር ዝንበብ ከም ዘይኮኑ፥ ግጥሚ ምንባብ ማለት ብዒይንኻ ምስማዕ፥ ምስማዕ ማለት ድማ ብኣእዝንኻ ምርኣይ ምኳኑ ይምህሩኻ ኣለዉ"

"ኣቲ ግደፍናንዶ ትም በሊ! ፈላጥ ኳንክስ ብዙሳ ግጥሚ ክትምህርኒ ተራእዩኪ"

"ነዞም ቓላትካ ካብ ጸንዕ ማእሰርቲ ናይ ጥረ መግለጺ ሓራ ኣውጽኣዮም እየ ዝበልካ ዘለኹ፡፡ ካብ ልሙድ፥ ኩሉ ሰብ ዝበሎን ዘጽነዖ፥ ናብ መንፈስ ጊዱ ዘይኣቱን ምስ ሰምዒት ሌላ ዘይብሉን ዘረባታት ሓራ ኣውጽኣዮም፡፡ ብየግጥሚ ኣብልካ ንዓለም ብሀግበት ንበራ፡፡ ኣብ ሕልሚኺን ጸላለን ምንባር ተላመድ፡፡ ከምኡ እንተ ገይርካ፥ ግጥሚ ከየብሎሓ ዘጽግዞ፥ ከይደጋግሕካ ዘርዊ፥ ከይከደካ ዝወሰደ፥ ከየለኻ ከም ዘለኻ ዝዛበር፥ ፈጣሪ ከይኮንካ ፈጣሪ ዝዛበር ምኳኑ ይምህሩኻ ኣለዉ፡፡ ስለ'ዚስ ኩሉ ናብ ርእሰኻ ዝመጽእ ሓሳብት ኣሰፍር - ደሓር ከኣ ስኣሎ፡፡ ነቲ ዝበዝሐ ናትካ ግዝያዊ ክትጉሕፍ ተባዕ ኩን፡፡ 'ሓያል ቓላት ጽሒፍና፥ ሰቢ ቓላት ኢና ንቕይር' ይብሉኻ ኣለዉ፡፡ ኣንብብ ከኣ!"

"ኣኣ . ንበይንኺ ሕሰሚ ዝሓፍተይ - ኣነ ከይደ ኣለኹ!"

## ጥቕሲታት ጸሓፍቲ

- "ጸሓፋይ ኣይትኹን፥ ጽሕፈት ኩን" ዊልያም ፋልክነር

- "ጸሓፍቲ፥ ተሰፋ ዝቖረጹ ሰባት እዮም፡፡ ተሰፋ ምቑራጽ ክገድፉዎ ከለዉ ኸኣ፥ ጸሓፍቲ ምዃን የቋርጹ" ቻርለስ ብኮውስኪ

- "ኩላቶም ኣንበብቲ፥ ኑቲ እትፃገሮም ሓሶት ኣብ ምዝርጋሕ ክተሓባበሩ ከም ዝደለዩ፥ ናብ ልቢ-ወለድ ይመጽኡ፡፡ ናይ ልቢ-ወለድ መጽሓፍ ከለልዕል ከለና፥ ሓሶት ንኽንእሰምዕ ብድልየትና ውዕል ኣቲና ኣለና ማለት'ዩ" ስቲቨ ኣልሞንድ

- "ሓቀኛ መጽሓፍ ዝበሃል እቲ ዝንበብ ኣይኮነን፡፡ እቲ ዘንበበና ደኣ'ምበር" ደብልዩ. ኤች ኣውደን

- "ሓደ ሰብ፥ ደጋጊሙ መጽሓፍ ብምንባብ ዘይሕጎስ እንተ ኾይኑ፥ ካልእ ዋላ ሓንቲ ጥቕሚ ኣይረኽበሉን እዩ" ኦስካር ዋይልድ

- "እቶም ዓለም ዘይሞራላውያን ኢላ ዝሰመየቶም መጻሕፍቲ፥ ነዛ ዓለም ናይ ገዛእ-ርእሳ ሕፍረት ዘርእዩዋ እዮም" ኦስካር ዋይልድ

- "ስነ-ጽሑፍ መጋየጺ እዩ፡፡ ልቢ-ወለድ ኣድላዩ እዩ?" ጂ.ኬ. ቸስተርቶን

- "እቲ ብየዝሄ ኣመና ዝኽበር፥ እቲ ድልዱል ናይ መንፈስና ዓርኪ. - መጽሓፍ እዩ" ኤምሊ ዲኪንሰን

- "ኩሉ ግዜ ክጽሕፍ ከለኹ፥ ኣብ ፊተይ ሰቦት ኣቐሚጠ፥ ዛንታ እናገርም ከም ዘለኹ ገይረ እወስዶ፡፡ ክሳብ ዝውድእ ከኣ ክትንስኡ ኣይደልን" ጀምስ ፓተርሰን፡፡

- "ክሳብ ክትከፍሉካ ዝደለ. ኣካል እትረክቡ፥ ብዘይክፍሊት ጸሓፍ፡፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ንጽሑፍካ ዝኸፍለካ እንተ ስኢንካ፥ ኣግራብ ንኽትተኽል ኢኻ ተፈጢርካ ማለት'ዩ" ማርክ ትወይን

- "ጸሓፍቲ፥ ከም ኣሰናኝ ኣብ ቀሎ ሰዚን ኮራርምቲን ይምቀሉ" ዋልተር ባንት



ሸባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን እንታይ'ዩ።

ናይ ሓደ መጽሓፍ ትሕዝቶ፡ ብዘሰንቖኻ ፍልጠት ጥራይ ኣይኮነን ዝዕቀን፣ ክሳብ ክንዲ ምንታይ ክትሓስብ ደሪኹካ'ዩ ኣውራ ኣገዳስነቱ። ብቻርለስ ሃንዲ ዝብሃል ጸሓፋይ ዝተጻሕፈት "ዘ ኤጅ ኦፍ ኣን ሪዝን" ትብል መጽሓፍ ከንብብ ቀንየ። ብሓፈሻ እታ መጽሓፍ ኣብዛ ተለዋዋጢት ዓለም ከም ሰባት ብቐዓትና ብቐጻሊ ከነረጋግጽ እንታይ ክንገብር ኣለና እተተምብህ እያ። ንሎሚ ግን "ምህሮን ለውጥን" ንመንእሰይ ዘገድስ ኣምር ኰይኑ ስለ ዝተሰምዓኒ ኣብ ሓንቲ ምዕራፍ ናይታ መጽሓፍ ተደሪተ መረዳእታይ ወስ ኩብል።

ብኣበሃህላ ቻርለስ ሃንዲ ምህሮ ብቐጽበት ዝጥረ ጸጋ ኣይኮነን። ምህሮ በቲ ኣብ መሰርሕ ትምህርቲ ንኽልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት ጥራይ ዝዕቅን መርመራ ኣይኮነን ዝግለጽ። ምህሮ ማለት ሓንጒልካ ምምጣጥ፡ ናይ ህይወት ልምድኻን ብዛዕባ ነገራት ዘለካ ኣተሓሳስባን መገዲ ዕብየትካን ምቕያር ማለት እዩ። ምህሮ ተመኩሮኻ ብምዝያድ ትበጽሖን ትፍትኖን እዩ። ምህሮ ክተጥሪ ጸዓት፡ ሓሳባት፡ ትብዓትን ደገፍ ገዛእ-ርእስኻን የድልየ። ምህሮ ማለት ነቶም ኣብ ደረጃ ሓሳብ ጥራይ ዝደምቁ ጥሙሕ ዘይብሎም፡ ሓርጒጽጒጽ ሞያኦም ዘይጻወሩ፡ ብእኡ መንጽር ተመኩሮ ዘይድልቡ ምሁራን ኣይውክልን እዩ። ብቐንዱ ምህሮ ማለት ካልኦት ኣቐዲሞም ናይ ዝረኸብዎ ፍታሕ፡ ግድላት ምፍላጥ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ሽግር ገዛእ-ርእስናን ሕብረተሰብናን ምርዳእ፡ ንገዛእ ጥቕምናን ዕላማ ሕብረተሰብናን ምጽዓርን፡ እቲ ፍታሕ ኣካል ህይወትና ምኳኑ ምግንዛብን ማለት እዩ።


ምህሮ ክንዲ ኣገዳስነቱ ዝኸውን ትርጉምን ኣገላልጻን ስለ ዘለዎ ኢና ብዛዕባ ትርጉም ምህሮ ሓደ ሕጥቦ ጽሑፍ ወዲእና። ብቐንዱ ምህሮ ዘገድሰና ቀንዲ ደራኺ ለውጢ ስለዝኾነ። ወዲ-ሰብ፡ ብፍላይ መንእሰይ፡ ከም ለውጢ ገይሩ ዝብህነ የብሉን። ኩሉ ጻዕርና'ውን ንለውጥን ምምሕያሽን እዩ። ብቐልጣፈን ስፍሓትን ግን ኣይከም እዋንና። ብፍላይ ሕንባበ ቴክኖሎጂ ዝፈጠሮ፡ ንዓና ንመንእሰያት፤ ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ናብራን ስድራቤትን፡ ኣብ ምጽባብ ጆግራፍያዊ ራሕቅን ግዜን ብዙሕ ነገር ካብ ኣያታትናን ወለድናን ተለዊጡና ኣሎ። ኣብዛ ቀጻሊ ለውጢ ዘውሕጣ ዘሎ ዓለምና ከም ሰብ ክትህሉ፡ ክትማሓየሽ፣ ከም ዜጋ ከተበርክት ቀጻሊ ክትምሃር፡ ክትምኩር፡ ክትምዕብል የድልየካ። ምኽንያቱ ዓለምና ሓደን ብሉጹን ዝብሃል መልሲ ስለ ዘየብላ፡ ኣብ ግብራዊ ህይወትን ስራሕን ዘጋጠመካ ተመኩሮ ንምምሕያሽ፡ ንምፍታሕ ኣብ ህይወትን ስራሕን ዝቐሰምካዮ ምህሮ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ዝተወለድካሉ እዋንን ኣብ ስራሕ ዝጸናሕካሉ ዓመትን ብቐጻሊ ሽግር ናይ ምፍታሕ ተመኩሮ እንተ ዘይደሊብካሉ፡ ኣብ ዓንኬል ምህሮ ዝጽብጸብ ኣይኮነን።

ክሩሽ ሒዙ ኣብ ሰሌዳ መጺኡ ዝምህረና መምህር፡ ኩሉ ግዜ የድልየና ድዩ? ኣብ ንኡስ ዕድሜናን ኣካድምያዊ ደረጃና ከነማሓይሽ ኣብ እነካይዶ ጻዕርን ብርግጽ የድልየና እዩ። ዝያዳ ግን ተበግሶና፡ ስራሕና ዝፈጠሮም ብድሆታት እንረኽቦ ተመኩሮታት ክንምሃር ክንሓስብ ምኽእል'ዩ 'ምህሮ' ንብሎ ዘለና። ኣብ ኣካዳሚ ትምህርቲ ዝቐርበልካ ግድላት፡ ድሮ ፍታሕ ዝረኸቡ ግድላት ምኳኖም ዝዓበየ ድርቱነቱ'ዩ።

ቻርለስ ሃንዲ ንምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን ኣርባዕተ ክፋል ዘለዎ ዓንኬል ወይ ክቢ ገይሩ'ዩ ዝገልጾ። ንምህሮ ከም ዓንኬል ገይርና ንርእየሉ ምኽንያት፡ ምህሮ ኣብ ምንባር ዝኽሰት መዛዘሚ ዘይብሉ፡ ዑደት ቀጻሊ ምውህላል ተመኩሮ ስለ ዝኾነ'ዩ። ከም ሓቂ ግን መብዛሕትና ኣብ ጉዕዞ ህይወት ብቐጻሊ ዘይኩንና ንመሃር፡ ኣብ ሓደ ደረጃ ምስ በጻሕና ደውታ ወይ ምዕጋት የጋጥመና እዩ።

እዛ ሕቶ፡ ክልሰ-ሓሳብ፡ ፈተነ፡ ትግባረ ዝትሕዝቶኣ ዓንኬል ምህሮ፡ ኣብ ህጻንነትናን ቁልዕነትናን ጥራይ ዝያዳ ፈጣንን ምሉእ ዑደትን እትገብር። ቀጻሊ ዝመሃሩ ህጻናት ዘልዕልዎም ሕቶታት፡ ክፈትሕዎም ህርድግ ዝብሉ ወጥርታት፡ ካብ ምንቅስቓስ ክሳብ ዓቕሚ ተጻዋርነቶም ዘሎ ድሩትነት ወሲኽካ ዝገጥሞም ብድሆታት ብዙሕ ስለ ዝኾነ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ናይ ህጻንነት ዕድሜና፡ ኣብ ምህሮ ብንጡፍ ንኸደሉ ዕድመ ዝኾነሉ ምኽንያት ናይ ገዛእ-ርእስና ሕቶታት ስለ ዝበዝሑና እዩ። ከባቢና ክንህውስ፡ ቋንቋ ክንመልኽ፡ ቅኑዕን ግጉይን ክንፈሊ፡ ወዘተ. ስለዘለና፡ ኣብ ምሁሮ ንጡፋት ንኸውን። ከምቲ "ኣድላይነት፡ ኣደ ማህዝነት እዩ" ዝብሃል፡ ህንጡይነት'ውን ኣደ ርኽበት ማለት እዩ። ክንዲ ሰብ ምስ ኣኸልካ ግን ልዕሊ. መልሲ፡ ሕቶ ጥራይ ዝምስጠካ ሰብ ከይትኸውን ትኩር ምኳን የድልየካ።

ኣብ ምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን፡ ሕቶ ክትሓትት ድሕሪ ምኽኣል፡ መልሲ ዝበልካዮ ክልሰ-ሓሳብ ምፍላጥ'ዩ ዝስዕብ። ክልሰ-ሓሳብ ክብሃል ከሎ ግድን ኣይኮነን ብኣስማት ህቡባት ሰባት ክስነ። ክልሰ-ሓሳባት ማለት'ኮ ብድሆታት ኣብ ምምላስ ፍታሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ሓሳባት ምምዕባል ማለት'ዩ። ከም ሓቂ'ውን ክልሰ-ሓሳባት፡ ሕቶ ከነብግሰን ከነብስልን እምበር መልሲ ክንረክብ ኣይኮናን ክነልዕሎም ዘለና። ስለዚ ክልሰ-ሓሳባት እኹላት ስለዘይኮኑ ክፍተት'ዩ ዘለዎም። ኣብ ፈተነ ግን፡ ናይ ሕቶን ክልሰ-ሓሳብን ዓወት ወይ ፍሽለት ይረጋገጽ። ካብዚ ሳልሳይ ክፋል 'ዓንኬል ምህሮ፡' ምፍታን፡ ብፍሽለት ይኹን ብመልሲ ምህሮና እናተደርዐ ይኸይድ። ዝቐሰምናዮ ምህሮ እናኣንጸበረቕና ኸኣ ድልየትና፡ ዕላማና፡ ስራሕና፡ ዘንብረልና ሓላፍነት ከነተግብር ንነጥፍ። ኣብ ህይወትና ዝኽሰት ለውጢ ስለምንታይ ተኸሲቱ ዘይርድኣና እንተ ኾይኑ፡ ለውጢ ክንዕቅቦ ኣይንኽእልን ኢና። ብሓጺሩ እቲ ቁምነገር ዓወትካ ምጽብጻብ ዘይኮነ፡ ንዓወትካ ቀጻልነት ዝህቦ ስለምንታይ ተዓዊትካ ክትርጉሞ ምፍታንን ክልሰ-ሓሳብ ኣላቢስካ ምግላጽን'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ስነ-መጎት ናይ ዓወት፡ እቲ ኣውራ ኣገዳሲ ዝተጓናጸፍካዮ ዓወት ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣድማዕነትካ ክትዕቅብ ዘኽእለካ ተመኩሮ ተገንዚብካዮዶ ኣይተገንዘብካዮን እዩ። እዚ ኸኣ ክባዊ ዑደት ናይ ምህሮ ብግቡእ ኣዘውቲርናዮዶ ኣየዘውተርናዮን እዩ መምዘኒኡ።




ዓንኬል ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን ኣብ ደረጃ ሕቶ፡ ክልሰ ሓሳብ፡ ፈተነ ወይ ትግባረ ደው ክትብል ትኽእል እያ። ዓንኬል ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን ደው ትብል ግን ምሕታት ምስ ኣቋረጽካን ምፍታን ምስ ተሓለልካን እያ። ኣብ ህይወትካ ናይ ዘይቅየር ሓቅታት (facts) ኣናዳዩ ምኳን ብዙሕ ፈሊጡ ውሑድ ዝመሃር ይገብረካ። ፍልጠትን ተመኩሮን ከባቢኡ ነጺጉ "ኣነ ጥራይ ፍልጠትን ተመኩሮን ክህበኩም፡" ዝብል ውልቀ-ሰብ ከኣ ንማሕበራዊ ዝምድናን ስራሕን ተመራጺ. ሰብ ኣይከውንን። ቻርለስ ሃንዲ ኣብዛ "ዘ ኤጅ ኦፍ ኣን ሪዝን" ትብል መጽሓፍ ብዛዕባ ሓደ ዝና ዝነበሮ ፕሮፌሰር ኣዕሊሉና ኣሎ። እቲ ፕሮፌሰር ብፍልጠቱ፡ ብልሒ፡ ካብቶም ኣለዉ ዝብሃሉ እዩ። ነቲ ፕሮፌሰር ኣብታ ቻርለስ ሃንዲ ዝምህረላ ዝነበረ ዓባይ ዩኒቨርስቲ ከም መምህር ንምቕጻሩ ግን ኩሎም ፕሮፌሰራት ዕቃበታት ነይሩዎም። ስለምንታይ? ሓደ ፕሮፌሰር ከምዚ ብምባል እንቲጉዋ "ርቻርድ ውርዙይ ምጥርጣር (decent doubt) የብሉን፡ " ኢሉ ስክፍትኡ ገሊጹ። ኣብ ኩሎም ንፕሮፌሰር ስራሕ ንምቝጻሩ ኮፍ ኢሎም ዝዛተዩ ዝነበሩ ፕሮፌሰራት ስክፍታ'ውን ብርግጽ ንሱ'ዩ ነይሩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፤ እቲ ፕሮፌሰር ክምልስ እንተ ዘይኩይኑ ሕቶ ሓቲቱ ካብ ካልኦት ክምሃር ዝፍትን ሰብ ዘይምኳኑ'ዩ ጸገሙ ዝነበረ። ንኑብሱ ክቕይራ ኣይጽዕርን ማለት'ዩ። ንፕሮፌሰር "ርግጸኛ" ምኳን ኣመና ኣዕብዩን ኣኽቢሩን ዝሕዞ ነገር'ዩ። ጌጋኡን ፍሽለቱን ንምውሓድ ካብ ከባቢኡ ምምሃር ሚዛን ኣይሃቦምን። በዚ ምኽንያት ከኣ መሳርሕቱ 'ውርዙይ ምጥርጣር የብሉን' ኢሎም ንስራሕ ኣይመረጽዎን። ቻርለስ ሃንዲ፡ ነቲ ተኽእሎ ፍሽለት፡ ድሩትነት ፍልጠት ከም ዘለካ ኣሚንካ ካብ ከባቢኻ ተመኩሮ ክትቀስም ተንጸባርቓ ባህሪ "ውርዙይ ምጥርጣር" ኢልዎ ዘሎ። ኣብ እዋን ንእስነት ንዓወትን ኣበርክቶ ሕብረተ-ሰብን ኣብ ንጓዓዝሉ እዋን ብርግጽነት ዓወትና ምእማን መሰረታዊ ረቛሒ'ዩ። ይኹን'ምበር መልሲ ሕቶና ወይ ተኸቲልናዮ ዘለና መገዲ፡ ርእይቶን ሓሳብን ካልኦት ዘየድልዮ ጌርና ክንርእዮ የብልናን። ብሕታዊ ይኹን መንግስታዊ ትካላት'ውን ዕብየትን ብቕዓትን ዝህልወን ካብ ጌጋን ፍሽለትን ዝተቐሰመ ተመኩሮ ምስ ዝሃንጻን እዩ።

መንኰርኮር ምህሮ ናህራ ክትዕቅብ ከቢድ እዩ። ንዓወት ብሂግና ምስ ተበገስና ነብስና፡ ስድራና ወይ ንሰርሓሉ ትካል ዝጠቅም ሽቶ ክንሰርሕ ከለና ንቐሰሞ ተመኩሮ ዓቢ. እዩ። ኣብ ጉዕዞ ምህሮን ለውጥን ህይወትካ "ንሶም" ወይ "እቲኦም" ትብሎም ኣይሃልዉኻ። እንተ ሃለዉኻ'ውን ንስኻ ክትገብሮ ትኽእል ምስ ገበርካ ይኹን። ብኻልእ ኣበሃህላ ነብስኻ ምልዋጥ ኣብ ነብስኻ ብምእማን'ዩ ዝጅምር። ኣብ ትሰርሓሉ ትካል ወይ ኣብ ትነብረሉ ከባቢ ተቖርቢ ርእይቶ፡ ትወስዶ ተበግሶ ብመዛኑኻ፡ "መን ኴንካ ኢኻ" ዘብል ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ፈሪህካ ኣብ ሞያኻ፡ ስራሕካን ትነብረሉ ከባቢን ሓሳባት ብዘይ ምፍሳስካ ማሕበራዊ ዝምድናኻ "ጽቡቕ" ክኸውን ይኽእል'ዩ። ግን ብዋጋ ምህሮን መቐይሮን ናትካ ከይከውን ብዕቱብ ምርኣዩ የገድስካ።

ምህሮን ለውጥን ንጽሩን ርጉጹን ኣይኮነን። ጥርጣረን ጌጋን ግን ካብ ለውጢ ክዓግተና የብሉን። ምኽንያቱ ምንጪ. ምህሮናን ዕብየትናን'ውን ንሳቶም እዮም። ዕዉታት ኣካየድቲ ንግዳዊ ዋኒን፡ ካብ ዓሰርተ ፈተነ እቲ ትሽዓተ ፍሽለት ምኳኑ እዮም ዝገልጹ። ነዳዲ ዝኾዕታ ኩባንያታት'ውን፡ ካብ ዓሰርተ ዒላ ኣብ ሓንቲ ጥራይ ከም ዝዕወቱ እቲ ኣብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤስያ ከም ኣካያዲ ዓቢ. ንግዳዊ ኮርፖረሽን ኰይኑ ዝሰርሐ ቻርለስ ሃንዲ ይገልጽ። ስለዚ'ዩ ኸኣ ምግጋይ ኣካል ዝተሰርሐ ቅኑዕ ገይርና ክንርድኦ ኣለና ዝብል መደምደምታ ዝበጽሐ።

ብኻልእ ኣበሃህላ ብጌጋኻ ወይ ፍሽለትካ ከይተዋሓጥካ ንቕድሚት ምምራሽ ሓደ መርኣያ ብቕዓት ቀጻሊ. ምህሮ ከተዋህልል ምኽኣል'ዩ። እዚ ማለት ንዘጋጥሙኻ ጉድለትን ሕንጊድ ዝኾነ ባህሪ ሰባትን ብኻልእ መልክዕ ደጊምካ ክትርእዮ ኣለካ። ባህሪ ስራሕካ፡ ንውሓት ግዜ ስራሕካ፡ ዝፈጥረልካ ብድሆ ዳግመ ግምት ምግባር፡ ንሕቶኻ ብዶሆኻን ናብ ራህዋ ክትቅይሮ የኽእለካ። ኣብ ስራሕ ንገብሮም ጌጋታትን ንፈጥሮም ፍሽለታትን ትካላት ኣብ ውልቀ-ማህደር ሰራሕተኛ ምሓዝ ልምዲ ናይ ኩለን ትካላት'ዩ። ሎሚ-ሎሚ ግን ጌጋ ንምፍርራሕ ሰራሕተኛ ዘይኮነ፡ ንተመኩሮ ካልኦት ዘለዎ ኣገዳስነት ተኣሚኑሉ፡ ጌጋ ሰራሕተኛ ከም ጸጋ ናይ ትካላት ብምሕሳብ "ዩኒቨርስቲ ጌጋ" ይብሃል ኣሎ። ከም ሓቂ ጉድለታትካ ወይ ፍሽለታትካ ከም መዐየሪ ክብሪ ዘይርአ ኣይኮነን። የግዳስ ጉደልትካ ከይፍለጥን ከይትፈሽልን ፈሪሕካ፡ ካብ ስራሕ ክትሕየብ ዘለናዮ መዋእል ዘፍቅድ ኣይኮነን። ስለዚ ከም መንእሰያት ንነብስና ኣብ 'ዓንኬል ምሉእ ዑደት ምህሮን ቀጻሊ. ለውጥን' ኣእቲና ብቐጻሊ. ክንማህርን ክንማሓየሽን ኣለና። ድሕሪ ኮለጅ ወይ ሞያዊ ስልጠና፡ ክእለትናን ፍልጠትናን ንምምዕባሉን ንምዕማቑን ኣብ ግብራዊ ስራሕ ነብስና ዘይንፍትናን ዘይነበርክትን እንተ ኾንና ደውታ ቀጻሊ. ምሁሮን ዕብየትን ከጋጥመና እዩ። እዚ ኸኣ ከም ውልቀ-ሰባት ዘየርብሓናን ሃሳይናን ስለ ዝኾነ ነብስና ምምዕባል ከም ዓቢ. ዕዮ ክንሕዞ ይግበኣና።

እልልታ ሰናይ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ውጽኢታዊ ምብህሃል ወለድን መማህራንን ብኸመይ

ምብህሃል፡ ኣብ መንጎ ክልተን ካብ ክልተ ንላዕሊን ሰባት ዝግበር ካብን ናብን ሓበሬታ ናይ ምስዳድን ናይ ምቕባልን መስርሕ እዩ። እዚ ብመልክዕ ሓሳባትን ርእይቶን ሓበሬታ ናይ ምትሕልላፍ ወይ ናይ ምቕባል ኣገባብ እዚ ብዘረባን ብዘይ ዘረባን ማለት፡ ቃላት ተጠቒምካን ቃላት ከይተጠቐምካን እዩ ዝካየድ።

ዕላማ ምብህሃል፡ ኣብ መንጎ'ቶም ዝበሃሃሉ ዘለዉ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰባት፡ ናይ ሓባር መረዳእታ ንምህናጽ እዩ። ብኡ ገይርካ ድማ፡ ኑቲ ተበጊሶምሉ ዘለዉ ዕላማ ብናይ ሓባር መረዳእታ ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ እዩ። ንኣብነት ኣብ መንጎ ዓዲጋይን ሸያጣይን ንብረት ዝግበር ምብህሃል፡ ክልቲኦም ብናይ ሓባር መረዳእታ ኣብ ሓደ ነጥቢ በጺሖም፡ እቲ ዓዳጊ ነታ ዝደልያ ንብረት ብታ ዘላቶ ዓቕሚ ክዕድጋ፡ እቲ ሸያጢ ድማ ነታ ዘላቶ ንብረት ቡቲ እተኽስቦ ዋጋ ንኽሸጣ'ሞ፡ ኣብ መወዳእታ ክልቲኦም ክረብሑ ዝዓለመ እዩ።

ረብሓ ምብህሃል ብዙሕ እዩ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ሰባት ብዘይ ምብህሃል ኣብ'ዛ ዓለም ክነብሩን ንጥፈታቶም ከካይዱን ኣይክእሉን እዮም። ስለዚ፡ ከምቲ ደም ናይ ሰብ ኑቲ ሰብ ሂወቱ ዝኾኑ፡ ምብህሃል ድማ ሂወት ደቂ-ሰብ እዩ።

ቀጺልና እምበኣር፡ ኣብ መንጎ መማህራንን ወለድን ስጡም ናይ ምብህሃል ክእለት ንኽህሉ ወለድን መማህራንን ክፈልጥዎም ኣለዎም ዝበልናዮም ኣገባብ ከነቕርበልኩም። እዞም ቀጺልና እንጠቕሶም ኣገባባት ግን፡ ልዕሊ ኹሉ ንመማህራን ሓላፍነት ዘሰክሙ ስለ ዝኾኑ፡ መማህራን ብዕቱብ ከተግብርዎም ዘለዎም ምኽንያታዊ ምርዳእ ሓጊዚ እዩ። እዚ ማለት ግን፡ ወለዲ'ውን ፈሊጦም ብዝግባእ ከተግብርዎም ሓላፍነቶም እዩ።

ብፍላይ ኣብ መንጎ መማህራን መባእታን ወለዲ ተመሃሮ መባእታን ምብህሃል ኣብ ዝካየደሉ ግዜ፡ ዘይምርድዳእ ኪጋጥም ዝለዓለ ተኽእሎ ከምዝለ'ዩ ኣይኮነን። ኣመልኪቱ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ዘጽርእ። እቲ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ኣብ መንጎ መማህራን መባእታን ወለዲ ተመሃራይ መባእታን ዘሎ ህጻን ተመሃራይ፡ ብኹሉ መዳዩ ማለት ብኣእምሮን ብኣካልን ዘይበሰለን ሓላፍነት ክስከም ዘይክእልን ስለዝኾኑ፡ ንወለዱን መማህራኑን ዝያዳ ቡዳኒ ክኸውን ስለ ዝኽእል እዩ። ስለዚ፡ መማህራኑን ወለዱን፡ ብዙሕ ዓቕሊ ገይሮም፡ ኑቲ ህጻን ተመሃራይ ብኹሉ ክከታተልዎን ዝጎደሎ ነገር ክምልእሉን ዝለዓለ ሓላፍነት ኣለዎም። ማዕረ ማዕረኡ'ውን፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ናይ'ቲ ህጻን ዝለዓለ ተራ ዝጻወቱ ወለዱን መማህራኑን ስለ ዝኾኑ፡ ዝሰከምዎ ሓላፍነት ቀሊል ኣይኮነን። ስኣን እዚ ምፍላጥ ግን፡ መማህራንን ወለድን፡ ብዛዕባ ተመሃራይ ክዘራረቡ ከለዉ፡ ኣብ መንጎኦም ዘይምርድዳእ ኪጋጥም ከም ዝኽእል ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እዞም ዝስዕቡ ሸሞንተ ነጥብታት እምበኣር፡ ወለድን መማህራንን፡ ውጽኢታዊ ምብህሃል ንኸካይዱ ክሕግዝዎም ይኽእሉ'ዮም ተባሂሎም ብክኢላታት ተሓጺሮም ዘለዉ እዮም - ንዓበቡም ቀጽሉ።

ምውኞ ሰላምታ ምሃብ፦ መማህራን መባእታን ወለዲ ተመሃሮ መባእታን ብዛዕባ ተመሃራይ ኣብ ዝራኸቡሉ እዋን ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ምውኞ ሰላምታን ኣቓልቦን ካብ ምሃብ ክጎድሉ የብሎምን። ብዙተኻእሎም ፍሽኽታን ልዑል ተገዳስነትን ገይሮም፡ ሰላምታ ክለዋወጡን ብሕጉስ መንፈስ ብዛዕባ'ቲ ኣራኸቦም ዘሎ ህጻን ተመሃራይ ክላዘቡን ኣለዎም። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ክልቲኦም ልቢ ንልቢ ተወሃሂቦም ክፉታት እንተዘይኮይኖም፡ ኣድማዒ ምብህሃል ከካይዱ ኣይክእሉን እዮም። ንሓድሕዶም እውን ክበራትዑን ሞራል ክወሃሃቡን ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ጽቡቕ ገይሮም ብኣእዳዎም ተጨባጢም ሰላምታ ክወሃሃቡ፡ ክምስታ ገጽ ክርእዩን ዓይኒ ንዓይኒ ክጠማመቱን እንተ ኸኢሎም፡ እቲ ዝገብርዎ ምብህሃል ዕውት ክኸውን እዩ። እቲ ረብሓ ድማ ኣብ መወዳእታ፡ ኑቲ ህጻን ጥራይ ዘይኮኑ ንክልቲኦም'ውን ፍቕርን ጽቡቕ ዝምድናን ክምስርቱ ክሕግዞም እዩ።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ምህላው፦ ኣብ መንጎ ወለድን መማህራንን ዝግበር ውጽኢታዊ ምብህሃል፡ ብእወታዊ ኣተሓሳስባ እዩ ዝጅምር። ስለዚ፡ ክልቲኦም እወታዊ ኣተሓሳስባ ሒዞም ብዛዕባ'ቲ ኣራኸቦም ዘሎ ህጻን ተመሃራይ ክላዘቡ ይግባእ። እቲ መምህር ብጸዋግ ገጽ፡ ወላዲ ናይ'ቲ ተመሃራይ'ውን ብትዕቢተኛ ገጽ ዝራኸቡ እንተ ደኣ ኾይኖም ግን፡ ውጽኢታዊ ዝርርብ ክገብሩ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኣራኸቦም ዘሎ ዕላማ ከመይ ገይርካ ኑቲ ተመሃራይ ዝያዳ ንፉዕን ዕዉትን ክኸውን ንምግባር ክሳብ ዝኾኑ እቲ ወላዲ ኩነ እቲ መምህር፡ ንሓድሕዶም ብጽቡቕ ዘረባን ቃላትን ሰላምታ ክለዋወጡን ምብህሃሎም ስጡም ክገብሩን ሓላፍነት ኣለዎም።

ምትእምማን ዘለዎ ምዃን፦ መሰረት ናይ'ቲ ኣብ መንጎ መማህራንን ወለድን ዝግበር ውጽኢታዊ ምብህሃል፡ ኣብ ምትእምማን ዝተመርኰሰ እዩ። ብፍላይ ወለዲ፡ ኣብ ልዕሊ መማህራን ናይ ደቆም ልዑል እምነትን ምትእምማንን ክሕድሩ ይግባእ። መማህራን ብግደኦም፡ ምስ ወለዲ ክላዘቡ ከለዉ፡ ዘድሊ ሓበሬታ መታን ክረኽቡ ንወለዲ ከተባብዕዎም ይግባእ። ብምቕጻል፡ ኩሉ'ቲ ወለዲ ብዛዕባ ውላዶም ዘዕለልዎም ነገራት፡




ብምስጢር ክሕዝሉም ምዃኖም ክረጋግጹሎም ይግባእ። ካልእ፡ ወለዲ ኣብ ምኽትታል ደቆም ንኽሕይሉ ሞራል ከስንቕዎም ኣለዎም።

ብቐጻሊ እትራኸብ ምዃን፦ ወለድን መማህራንን ብዛዕባ ተመሃራይ ብቐጻሊ ክራኸቡ ከምዘለዎም ክኖንዝቡ ጽቡቕ እዩ። እዚ ምግባር፡ ኑቲ ዝፍጠር ጸገምን ብድህሁ ቀልጢፎም ኣብ ምእላይ ክዝሕግዞም እዩ። ምስ ተራኸቡ'ውን፡ ኣብ ክንዲ ንሓንቲ ደቒቕ ዘይትኣክል ተዘራሪቦም ዝፈላለዩ፡ እኹል ግዜ ሂቦም ክበሃሃሉ ኣለዎም። ጸገማት እንተለው'ውን፡ ግዜ ሂቦም ክፈትሕዎ ከምዘለዎም ክርድኡ ይምረጽ። ስለዚ፡ ወለድን መማህራንን ብቐጻሊ ክራኸቡ፡ ኣብ ዝተራኸቡሉ ግዜ ድማ፡ ሃዲኦምን ግዜ ተወሃሂቦምን ብዛዕባ'ቲ ኣራኸቦም ዘሎ ተመሃራይ ብትሕትና ክዘራረቡ ኣለዎም።

ኣኽብሮ ምዃን፦ ኣብ መንጎ ወለድን መማህራን ኣድማዒ ምብህሃል ክህሉ እንተ ኾይኑ፡ ወለድን መማህራንን ክከባበሩ እዩ ዘለዎም። እቲ ሓደ ኑቲ ሓደ ክንዕቆን ምግዳስ ክኣብዮን ኣይግባእን። ኣራኸቦም ዘሎ ዕላማ ኑቲ ህጻን ተመሃራይ ከመይ ገይርካ ሓቢርካ ኣብ'ቲ ዝድለ ዕላማ ተብጽሖ ስለ ዝኾኑ፡ ልዑል ናይ ምኽባር ሃዋህው ክፈጥሩ ኣለዎም። "ክብር የኽበርካ መጠን ኑብሱ፡ ሕሱር የሕሰርካ መጠን ኑብሱ" ከም እተባህለ፡ ንሓድሕድካ ምኽባር፡ መግለጺ መንነትካ ስለ ዝኾኑ ወለድን መማህራንን ክራኸቡ ከለዉ፡ ክከባበሩ ሓላፍነቶም እዩ። እዚ እንተ ገይሮም፡ ውጽኢታዊ ምብህሃል ከካይዱ ኣይክጸግሙን እዮም። ብፍላይ መማህራን፡ ንወለዲ ተመሃሮ ልዑል ኣኽብሮትን ተገዳስነትን ሂቦም ክቕበሉዎምን ክዘራርብዎምን ይግባእ። ወለዲ'ውን ኑቲ ብመማህራን ዝወሃቦም ምኽርን ሓጊዚ ሓበሬታን፡ ተቐቢሎም፡ ውላዶም ከማእዝኑ ኣለዎም። ብተወሳኺ፡ ወለዲ ኣብ ልዕሊ ውላዶም ዝያዳ ተገዳስነት ኣሕዲሮም ንኽዋስኡ፡ መማህራን ከተባብዕዎም ጽቡቕ እዩ።

ምስጋና ዝሁብ ምዃን፦ ንዝገበረልካ ወይ ግበረሉ ወይ ንገረሉ ከም ዝበሃል፡ ወለዲን መማህራንን ብዛዕባ ተመሃራይ ኣብ ዝራኸብሉ ግዜ፡ ናይ ቃላት ምስጋና ክወሃሃቡ ይግባእ። እቲ ወላዲ፡ ኑቲ መምህር፡ "ንውላደይ ትምህረለይን ተንቀሓለይን ስለ ዘለኻ፡ ኣዝየ እየ ዘመስግነካ" ክብሎ፡ እቲ መምህር ድማ ኑቲ ወላዲ፡ "ንውላድካ ኣብቲታዊ ወላዲ ኮይንካ፡ ኣብ ትምህርቱ ንኽዕወት ብተገዳስነት ትከታተሎን ኣብ ግዜኡ ንቤት ትምህርቲ ክመጽእ ትገብሮን ስለ ዘለኻ፡ ኣዝየ እየ ዝንእደካ'ሞ፡ ቀጽሎ" ኪብሎ ኣለዎ። ሓድሕዳዊ ምስጋና ምልግጋስ፡ ውጽኢታዊ ምብህሃል ኣብ ምኪያድ ልዑል ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ወለድን መማሃራንን ክጥቀሙሉ ዘለዎም ሜላ እዩ። እዚ እንተ ገይደርም፡ ኣብ ምንፋዕ ናይ'ቲ ተመሃራይ እወታዊ ውጽኢት ክረኽቡ እዮም።

ሕቶ ዝሓትትን ዝሰምዕን ምዃን፦ ወለዲን መማሃራንን ተራኺቦም ክዘራረቡ ከለዉ፡ ኣብ'ቲ ዝገብርዎ ምብህሃል፡ ጽን ኢሎም ክሰምዑን ዝይተረድኦም ሕቶ ክሓትቱን ኣለዎም። እቲ ሓደ ኑቲ ሓደ ዝስከፈሉን ዝፈርሓሉን ሃዋህው ክፍጥር ኣይግባእን። ስለዚ፡ ወለዲ ኑቲ መምህር ዝፈልጦ ጠባያት ናይ ውላዶም ንኽፈልጡ፡ ጽቡቕ ገይሮም ሕቶ ክሓትቱ፤ መማህራን'ውን ብዛዕባ'ቲ ተመሃራይ ዘይፈልጥዎ ነገር ንኽፈልጡ፡ ንወለዲ ጽን ኢሎም እናሰምዑ ሕቶ ክሓትቱ እዩ ዘለዎም። እዚ ምግባር፡ ከኣታት ናይ'ቲ ተመሃራይ ፈሊጥካ ንምስትኽኻሉ ዝዓለመ ስለ ዝኾኑ፡ ብክልቲኦም ወገናት ዕሸሽ ከይተባህለ ክትግበር ዘለዎ እዩ። ማዕረ ማዕረኡ'ውን ወለዲ ሓቀኛ ጠባይ ናይ ውላዶም ንመማህራን ክሕብሩ፡ መማህራን ብግደኦም፡ እቲ ተመሃራይ ኣብ ክፍሊ ዘንጸባርቖ ባህርያት ጽቡቕ ገይሮም ንወለዱ ክሕብርዎም ኣለዎም። እዚ እንተ ተገይሩ፡ እቲ ተመሃራይ ብዝግባእ ተኸታቲሉ ንኽዓቢ ክሕግዝ እዩ።

ብዮምት ዘይምኻድ፦ ወለዲ ይኹን መማህራን፡ ብዛዕባ'ቲ ዘዘራርበሉ ዘለዉ ተመሃራይ፡ ኣብ ጭብጢ ዝተመርኰሰ ሓበሬታ እዮም ክወሃሃቡ ዝግባእ። ብዮምት ክዘራረቡ ጽቡቕ ኣይኮነን። ብዛዕባ ኩነታት ናይ'ቲ ተመሃራይ ብዮምት ምዝርራብ፡ ሓቀኛ ምስሊ ስለዘይህብ፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ጌጋ መደምደምታ ዘብጽሕ እዩ። ስለዚ፡ ብዛዕባ'ቲ ተመሃራይ ጌጋ ስእሊን ሓበሬታን መታን ከይሕዙ፡ መማህራን ኑቲ ሓቂ ምዃኑ ዘረጋገጽዎ ጠባይ ይኹን ሓበሬታ ናይ'ቲ ተመሃራይ ንወለዱ ክሕብሩ፡ ወለዲ ድማ ኑቲ ዝፈልጥዎ ጠባይ ናይ ውላዶም ንመማህራን ክነግሩ ኣለዎም። እዚ እንተ ገይደርም፡ ኑቲ ተመሃራይ ብቕኑዕ ኣገባብ ክከታተልዎ፤ ጸገማት እንተለዎ ኣብ ምፍታሕ ክሕግዝዎን ክኽእሉ እዮም።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡02 | መደብ ስ-ጥዑበ |
| 12፡30 | ዜና ትግርኛ |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | ሰነዳዊ ፊልም ስ-ጥንታዊ ቦታ መጠራ 3ይ |
| 13፡30 | ዜና ዓረብ |
| 13፡45 | ለሰ ስፖርት |
| 15፡30 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 16፡00 | መደብ ሳህራ |
| 17፡00 | ዜና ትግርኛ |
| 17፡15 | ደርፊ |
| 17፡30 | ዜና ዓረብ |
| 17፡45 | መደብ ሳህራ |
| 18፡50 | ምስ ኣባል ሓፍሽ ውድባት |
| 19፡25 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20፡00 | ዜና ትግረ |
| 20፡15 | ዋልታ |
| 21፡00 | ዜና ትግርኛ |
| 21፡25 | እንዳ ዝማም |
| 22፡00 | ዜና ዓረብ |
| 22፡10 | ሌላ |
| 22፡30 | ዜና እንግሊዝ |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ንግስቲ መኻን በዓል ቤተይ ኪዳነ ብርሃ ኣምለከ ስለዝዋረረ፥ ወላድ ስለዘይብልና፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ህይወት ገብረመድህን ወልደጋብር፡ ኣደይ ለተብርሃን ሃይለ ተስፉኡ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

የናስ ሃይለ ረዳ ኣቦና ሃይለ ረዳ እንግዳ ስለዝዋረረ፥ ንኣዴና ወ/ሮ ኣልማዝ ባልቻ ያኢ. ናይ መጻምዲ ማስላ ይተሓለወላ፥ ከምኡ ድማ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገብረሂወት ሃይሉ ስም ኣደይ ለተኺዳን ሓጎስ ሳህሉ ምባል ተሪፉ፥ ለተኺዳን ሳህሉ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሮመዳን ጃምዕን ወ/ሮ ኑኡት መሓመድሰዒድ፥ ት/ዕድመ ጓልና ከሪያ ሮመዳን ጃምዑ ስም ኣዲኣ ኑኡት መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ ኑኡት መሓመድሰዒድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ደርጋኣለም ወልደሚካኤል፥ ኣዴና ገብርኤል በርሀ ክንፈ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ዊንታ ፍቓዱ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፥ ዊንታ ፍቓዱ ኣብርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኪዳነ ሰረቐ ተኽለሃይማኖት፡ ወላዲተይ ተጻዋዕቲ ወረስቲ ፍ/ሄት ቅዱሳን ዑቕባገብርኤል 1.ወ/ሮ ጸገ ሰረቐ 2.ወ/ሮ ጉት ሰረቐ 3.ወረ/ነ/ሄር ክፍሎም ሰረቐ (5 ተተካእቲ ደቆም) 4 ወረ/ነ/ ሄራት በየን ሰረቐ (10 ተተካእቲ ደቃ) ንናይ ፍርዲ ብጽሒተይ ግዘ ፍ/ሄት ቅዱሳን ዑቕባገብርኤል ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/24 ኣብቤ/ፍቁ.47ቅረቡ፡፡እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ኣቶ ቴድሮስ ተኽለኣብ ብርሃ፥ ኣደይ ኣበደት ዘርኤ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

መሓሪ ተወልደ ሃብተጽዮን ምባል ተሪፉ፥ መሓሪ ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7 መጋባእያ ቁ.4 ይቕረብ፡፡

ሰናእ መሓመድ ዓብደልቃደር፡ ስም ኣደይ ሳዕድያ በሽር ምባል ተሪፉ፥ ከድጃ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳሚኤል ተኽሉብርሃን ኣርኣያ፡ ኣቦና ተኽሉብርሃን ኣርኣያ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰሚራ ዓሊ ዓብዱ፥ ተጸዋዒ ኣቶ ሰዒድ ዓብደልዋሰዕ ሓገሱ ን6 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ይወሃበኒ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ሄርሞን ዳዊት ተኽለሃይማኖት፡ ወኪል ወ/ሮ ፍረወይኒ ኪዳነ ገብሩ፥ ኣቦና ዳዊት ተኽለሃይማኖት ስለዝተሰወአ፥ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቁ.4 ይቕረብ፡፡

ኣቶ የማነ ገብራይ ስለቡ ሃይማኖት ምስጥና ሓጎስ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሊድያ ክፍለጽዮን ኣደይ ማሙት ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፥ ተመርጻ ከሮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣምባሳጆር ከሰተ፡ ወደይ ምሉእብርሃን ኣምባሳጆር ከሰተ ስለዝተሰወአ፥ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዲያና ገብረመድህን ተስፋይ ምባል ተሪፉ፥ ርግኣት ገብረመድህን ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወረ/ፍ እምባፍረሽ ገብረሂወት፡ ወ/ሮ ኣበባ ገብረሚካኤል፥ ተኸሳሲት ፍረወይኒ መብራህቱ፥ ናይ ውርሻ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ወ/ሮ ዛይድ ተስፋስላሴ፥ በዓል ቤተይ በየነ ሃይለ ወልዱ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተኪዳን ገብረሚካኤል ወልደየውሃንስ፥ ወለደይ ገብረሚካኤል ወልደየውሃንስ ወልዱን ለተሚካኤል ገብረሚካኤልን ስለዝዋረሩ፥ ንሕና 4 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሞሳዘጊ ወልደኣያሱስ፥ ሓፍተይ ኢታይ ሉቱ ወልደኣያሱስ ስለዝዋረረት፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብላ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣኸበረት ተኽሉብርሃን ኣብርሃ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ኢያሱ የውሃንስ ኣሰፍሃ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ መኣዛ እዮብ ተስፋጼን፥ ተኸሳሲ ሰለሙን ገ/ስላሴ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ምንያ ገብረሂወት፥ ተኸሳሲ ኣቶ ኣሮን ሳምሶም +7 ናይ ልቓሕ ምስራዝ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ተበርሀ ክብርኣብ ካሕሳይ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ፍሰሃ ሰለሙን ብርሃ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ለተብርሃን ረዳ ግደይ፥ በዓል ቤተይ ቀሺ ኣድሓኖም ገብረመድህን ንገሰ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣተኤል ቴድሮስ ረዘ ምባል ተሪፉ፥ የኤል ቴድሮስ ረዘ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ዓዲ ተከሌዛን

ተስፉ ገብረእየሱስ ጎፍላ፥ በዓል ቤተይ ፍስሃጽዮ ጋይም ኪዳነ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ታቦቱ ገብረት ሓጎ፥ በዓል ቤተይ ኣቶ በራኺ ክፍለ ገብረስላሴ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 1ጓሉ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ከሳሲ ኣቶ ግርማይ ሸመንዲ ታደሰ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣድያም ሞገስ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ወ/ሮ ተመርጻ ሚካኤል ልጃም፥ በዓል ቤተይ ኣቶ የውሃንስ ጎይትኦም ኢያሱ፥ ካብ 2001 ካብ ገዛ ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ለምለም ፍስሓጼን ማና፥ ኣደይ ለተብርሃን ገብረመስቀል ገብረሚካኤል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ጸገ ወልዱ ኣስረሰሀይ ምባል ተሪፉ፥ ጸገ ደብሳይ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከበደሽ በርሀ ገብረሂት ምባል ተሪፉ፥ ከበደሽ ባህረ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ፋጥና መሓመድ ሑሴን ምባል ተሪፉ፥ ፋጥና መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሓመድሓምድ ዑስማን ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፥ ሓምድ ዑስማን ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድዑመር ሓምድ እስማዒል ምባል ተሪፉ፥ መሓመድ ዑመር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ኣብርሃም ቀሺ ምስዮና ዝተሰመዐ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ ዓዲ ንፋስ ዘቃበርኩምና፥ ገዛና ዝተመላለስኩምን ብቴሌፎን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ቤተ ሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዋጽና ንገልጽ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ገርገሹ ቀሺ ኢሳቕ
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ እፍቅራ ሓብትና ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣለም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዛግር ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ሕቶምናን ገዛን ብምምልላስን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ምም/ን/ዞ/ማይ ዓይኒ ዓዲ ባሪን ብስም ወ/ሮ ሰናይት ካሕሳይ ሓየሎም ብቑጽሪ ምርሒት መሬት 012900 ኣብ ፕሎት 12 ፓርሰል "G" ኣብ ዝተመርሓለይ ናይ ጤሳ መሬት መረጋገጺ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ሒዝዎ ወይ ረኺብዎ ዝበለ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07166816 (ሃብቶም) ኢልኩም ክትሕብሩኒ፡፡ እንተዘይሃብኩ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ሰናይት ካሕሳይ ሓየሎም
ወኪል ኣቶ ካሕሳይ ሓየሎም

ወረስቲ ቀሺ ሃብቶም ብስራት ገብረወልድ ወ/ሮ ኣዜብ ሳህሉ ጉብሳ +5 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ምም/ምህራም ጭራ ጎደና 214 ፕሎት 78 ፓርሰል J ስፍሓት መሬት 100 ት/ሜ ኮምሽን ኣባይቲ ቁምስክር ወረቐት 122271 መወከሲ ቁጽሪ 123848 ዝተመዝገበ ናይ ውርሲ ስም ምትሕልላፍ ክገበር ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣዜብ ሳህለ ጉብሳ +5

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ብሮኬት ሓማስ ሰለስተ ወተሃደራት እስራኤል ተቐቲሎም

ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ፡ ካብ ወሸመጥ ቓዛ ብዝተኮሶ መጥቃዕቲ ሮኬት - ሰለስተ ወተሃደራት እስራኤል ከምእተቐትሉ ተሓቢሩ።

ብመሰረት መግለጺ መንግስቲ እስራኤል፡ በቲ መጥቃዕቲ ሰለስተ ወተደራት ክሞቱ እንከለው፡ ሓያሎ ካልኦት ድማ ቆሲሎም ኣለው።

ድሕሪ እቲ መጥቃዕቲ እስራኤል፡ ምስ'ቲ ወሸመጥ ዝራኸብ ዶብ ከረም-ሻሎም ከምዝዓጸወቶ ኣፍሊጣ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ነቲ ኣብ'ቲ ዞባ ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምርግጋእ መሊሱ ከጋድዶ ከምዝኸእል እዩም ተኣንትንቲ ፖለቲካ ዝጠቕሱ።

እቲ ሕጂ ተዓጺዩ ዘሎ ዶብ፡ ሓደ ካብ'ቶም - ነቲ መግቢን መድሃኒትን ዝኣመሰሉ መሰረታዊ ሰብኣዊ ሓገዛት ዝኣትወሉ ቀንዲ ማዕጾ ምዃኑ ይፍለጥ።

ሓማስ ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ኣብ ቓዛ ተኸሲ ደው ንምባልን ኑዩም ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ንምፍታሕን ብመንጎኛነት ግብጺን ቀጠርን ናይ ክልተ መዓልታት ዝርርብ ኣብ ካይሮ - ግብጺ ድሕሪ ምክያዱ እዩ።

ሓማስ ዝ. ብዝምልከት ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ዳሕረዋይ ዙርያ ዘተ ዝሓለፈ ሰንበት ከምእተዛዘመ፡ ልኡኻቱ ንኣድላዪ ምምኽኻር ካብ ካይሮ ናብ ቐጠር ብምኻድ ምስ'ቶም ሸምገልቲ ክላዘቡ ምዃኖም ሓቢሩ።


ኣብ ጸዕርታት ሽምግልና ክሳተፍ ዝቐጸ ሓላፊ ትካል ስለያ ኣመሪካ ዊልያም በርንስ እውን ንኣድላዩ ምዝርራብ ዝበሎ - ካብ ግብጺ ናብ ካይሮ ኣቐኒዑ ከምዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ግብጺ ኣብ ዝተኻየደ ዝርርብ፡ ተኸሲ ን40 መዓልታት ደው ክብል፡ እቶም ብሓማስ ጅሆ ዝተታሕዙ እስራኤላውያን ክፍትሑን ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ እስራኤል ዝርከቡ ሓያሎ ፍልስጤማውያን እሱራት ክልቀቑን ዝጠልብ እማመ ከምዝቐረበ ይሕበር።

ሓማስ ዝ. እማመ ብጾወታ ከምዝርእዮ እኳ እንተገለጸ፡ እቲ ቀንዲ ኣካራኻሪ ኮይኑ ዘሎ ነጥቢ፡ እቲ ተኸሲ ደው ናይ ምባል እዋመ - ቀዋሚ ድዩ ግዚያዊ ክኸውን ዝብል ምጉት ከምዝለዎ የገንዝቡ።




ሓማስ፡ ብሕጂ ክትግበር ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ስምምዕ እውን ናብ ምዝዛም እቲ ኩናት ዝመርሕ ምዃኑ መረጋገጺ ክረኽብ ከምዘለዎ ክገልጽ እንከሎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ ግና ነቲ ሕቶ ይነጽጎ እዩ።



## ፕረዚደንት ህ/ሪ ቻይና ኣብ ኤውሮጳ ምብጻሕ የካዩድ

ፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ. ዢ ፒንግ፡ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኤማኑኤል ማክሮን ብዘዘርሉ ዕድመ መሰረት፡ ኣብ ፈረንሳ ዑደት ንምክያድ ዝሓለፈ ሰንበት ናብ ርእሰከተማ ፓሪስ ከምዝኣተወ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሺ. ናብ ፈረንሳ ዝምረሐ፡ ክልቲኦን ሃገራት ዝምድናኦንን ምትሕብባረንን ንምዕባይን - ኣብ ሰላም፡ ምርግጋእን ልምዓትን ዓለም ሓደሽ ኣበርክቶ ንምግባርን ደልውትተን ድሕሪ ምርግጋጽን እዩ።

ፕረዚደንት ሺ. ኣብ ፈረንሳ ንኽልሳይ ግዜኡ ዑደት ዝፍጽም ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብ ኤውሮጳ ብሓፈሻኡ ድማ - ድሕሪ ኣሰታት ሓሙሽተ ዓመታት ንፈለማ እዋን ምዃኑ እዩ።

ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ቻይናን ፈረንሳን፡ ሎሚ ዓመት መበል 60 ዓመቱ ከምዝመልአ ተፈሊጡ።

"እዚ ዑደት እዚ፡ ነቲ ንዋሕ እዋን ዝጸንሐ ምሕዝነትና ንምስጉር፡ ፖለቲካዊ ምትእምማንና ንምዕባይ፡ ስትራተጃያዊ ምርድዳእ ንምህናጽን ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ምትሕብባርና ንምዕማቕን ክሕግዘ ተስፋ እገብር" ክብል ፕረዚደንት ሺ. ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሺ፡ ኣብ 2014ን 2019ን መበል 50ን 55ን ዓመት ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልቲኦን ሃገራት ንምጽምባል፡ ክልተ ግዜ ፈረንሳ ከምዝበጽሐ ጸብጻባት የረድኡ።

ፕረዚደንት ሺ፡ ድሕሪ ፈረንሳ ናብ ሰርብያን ሃንጋሪን እውን ከምርሕ እዩ።

## ብራዚል - ብዕልቕልቕ ልዕሊ 75 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ብራዚል ደቡባዊ ሽነኽ ክፍለ-ሃገር ሪዮ ግራንደ ዶ ሱል፡ ኣብ ዝሓለፈ ሽውዓተ መዓልታት ብዝተኸሰተ ዕልቕልቕ - ብውሕዱ 75 ሰባት ክሞቱ ከምዝሞቱን፡ ልዕሊ 100 ደሃዮም ከምዝጠፍኣን ሰብመዚ እቲ ከባቢ ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ልዕሊ 88 ሽሕ ሰባት ካብ ቤት-ንብረቶም ከምእተመዛበሉ፡ ሰብመዚ ሲቪላዊ ድሕነት እታ ክፍለ-ሃገር ዝሓለፈ ሰንበት ሓቢሮም።

እቲ ዕልቕልቕ ኣብ መላእ እታ ክፍለ-ሃገር ምህማም መሬትን ምፍራስ ድንድላትን እውን ኣኸቲሉ ከምዘሎ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝተፈነወ ዜና ኣቃሊሑ።

ኣብ'ታ ክፍለ-ሃገር ከቢድ ዝናብ ዝጠንቁ ባህርያዊ ሓደጋ ኪጋጥም - ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እዚ ንራብዓይ ግዜኡ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ኣብ መላእ ደቡብ ኣመሪካ ኣጋጢሙ ዘሎ ብ'ኤል ኒኖ' ዝፍለጥ ተርእዮ ምምዛባል ክሊማ፡ በብእዋኑ ዘጋጥምን ብተፈጥሮኣዊ መንገዲ ዝኸሰትን ኮይኑ፡ ኣብ ዞባ ኢኳቶርያል ፓሲፊክ ንዝርከብ ማያት ልዑል ዓቐን ሙቐት ከምዝህልዎ ይገብር።

ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ዝመጽእ ክሊማዊ ለውጢ፡ ጽንኩር ኩነታት ኣየር ብተደጋጋሚ የጋጥም ከምዘሎ ይገልጹ።






## ጫድ - ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክካየድ ጀሚሩ

ኣብ ጫድ፡ ፕረዚደንታዊ ምርጫ - ካብ ዝሓለፈ ሰኑይ ክካየድ ከምዝጀመረ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ እቲ ንሰለስተ ዓመታት ስልጣን ጨቢጡ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኩብቅዕ ከምዝኽእል ይግለጽ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ምርጫ ነቲ ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ መንግስቲ ወግዓዊ ኣፍልጦ ካብ ምሃብ ሓሊፉ ዘምጽኦ ለውጢ ከምዘየለ - ገለ ተንተንቲ ፖለቲካ ግምታቶም ይህቡ።

ጫድ፡ ፕረዚደንት ማሃማት እድሪስ ደቢ ከም ግዝያዊ መራሒ ኣብ 2021 ኣብ ስልጣን ካብ ዝድይብ ጀሚሩ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ብዘለዓዓልዎ ግጭት ኣብ ፖለቲካዊ ቅልውላው ተሸሚማ ምጽንሓ ይፍለጥ።

ሓንቲ ካብ ድኻታት ሃገራት ዓለምና ምዃና ዝንገረላ ጫድ፡ ካብ 17 ሚልዮን ብዝሒ ህዝባ - እቲ 40 ሚእታዊት ኣብ ትሕቲ መስመር ድኽነት ከምዝነብር እዩ ዝሕበር።

## ፓናማ - ሓድሽ ፕረዚደንት ተመሪጹ

ሚኒስተር ጸጥታ ፓናማ-ነበር ጆሴ ራውል ሙሊኖ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከምእተዓወተ ተሓቢሩ።

ወዲ 64 ዓመት ሙሊኖ፡ ፕረዚደንት ፓናማ-ነበር ሪካርዶ ማርቲነሊ ብዘይሕጋዊ ምስግጋር ገንዘብ ገበኛ ኮይኑ ድሕሪ ምርካቡ፡ ንዓኡ ንምትካእ ኣብ ዝተገብረ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክወዳደር ከምዝጸንሐ ይሕበር።

ሙሊኖ ድሕሪ'ቲ ምርጫ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንሱ ዘቖሞ መንግስቲ ኣብ ወፍሪን ንግዲን ኣተኩሩ ክሰርሕ ምዃኑ ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝተኻየደ ዝበረ ናይ ምረጻ ገስጋስ፡ ፕረዚደንት-ነበር ማርቲነሊ ኣብ'ቲ ብዑቕባ ዝርከበሉ ዘሎ ኣብ ርእሰ-ከተማ ፓናማ ዝርከብ ኤምባሲ ኒካራጓ ኮይኑ - ንሙሊኖ ደገፉ ይገልጽ ብምንባሩ፡ ብዙሓት መረጽቲ ንሙሊኖ ከም ወኪል ማርቲነሊ ከምዝርእይዎ እዩ ዝሕበር።

ኒካራጓ ንፕረዚደንት ነበር ማርቲነሊ ዑቕባ እኳ እንተሃበቶ፡ ሰበስልጣን ፓናማ ግና ካብ'ታ ሃገር ንኸይወጽእ ዓጊተምዎ ኣለዉ።

ኣቐዲሙ ኣኽባሪ ሕጊ ዝነበረ ሙሊኖ፡ ንመወዳድርቱ ብልጹ ኣሰታት 34 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ እዩ ንፕረዚደንትነት በቒዑ ዘሎ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ጃልያ | 07/05/2024 | ጎደና ሰኩዶት ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565